## ንሕና መን ኢና?

ASAP ማለት ናይ ዑቕባ ይግባይ ደገፍ ፕሮጀክት (Asylum Support Appeals Project) ማለት እዩ። ንሕና ንእሽቶ ናይ ግብረ ሰናይ ማሕበር ኮይንና፡ ኣብ ናይ ዑቕባ ደገፍ ሕጊ ከኣ ነተኩር። ናይ ዑቕባ ደገፍ ክበሃል እንከሎ፡ Home Office ነቶምደለይቲ ዑቕባ መንበርን ገንዘባዊ ሓገዝን ምስ ቀረበሎምጥራሕ እዩ። ንሕና ካብ ሆምኦፊስ (Home Office) ይኹን ካብ ናይ ዑቕባ ደገፍ ቤት-ፍርዲ ናጻ ኢና። ሓደ ካብቶም እንገብሮም ነገራት ከኣ፡ ነቶም ብሆምኦፊስ (Home Office) ዝተነጽጉን ጉዳዮምኣብ ይግባይ ዝርከቡ ኣብቲ ናይ ዑቕባ ደገፍ ቤት-ፍርዲ ናጻ ዝኾነ ሕጋዊ ምኽርን ወኪልነትን ምሃብ እዩ።

ንሕና ንእሽቶ ግብረ-ሰናይ ማሕበር ብምዃንና : **ንኹሉ ናባና ዚተላእከ ዝመጸ ሰብ ኩሉ ግዜ ንውክሎ ኢና ማለት ኣይኮነን**። ብዝተኻእለና ማጠን፡ ብርክት ዝበሉ ሰባት ክንውክል ንፍትን ኢና። ክንውክለኩምእንተዘይክኢልና ግን፡ ቅድሚእቲ መዓልቲ ፍርዲ ክነፍልጠኩምኢና።

## ንክንውክለኩምብኸመይ ክትሓቱና ትኽእሉ?

ሓገዝ ንምርካብ ከተሚልክቱ ካልእ ሰብምስ ዝሕግዝኹም ነቲ ናትና ናይ መውከስን ቀንድን ቅጥዒ ብምምላእ ናባና ከመሓላልፍኹም ሕተትዎም፡ ዝሕግዘኩም እንተዘይብልኩም ግን፡ ነቲ ናትና ናይ ስልጣን ቅጥዒ ብምምላእ ባዕልኹምናባና ክትመጽኡ ትኽእሉ። እቲ ናትና ቀንዲ ቅጥዒ ቅድሚእቲ ፍርድኹም ኣብ ሞርበብ-ሓበሬታና [www.asaproject.org/contact/referals](www.asaproject.org/contact/referals) ብምኻድ ክትረኽብዎ ትኽእሉ። ነቲ ቅጥዒ ብኢመይል ናብ referrals@asaproject.org.uk ክትልእኩዎ ኣለኩም፡

## ክንውክለኩምእንተድኣ ኮይንና እንታይ ከጋጥምእዩ?

ክንውክለኩምእንተድኣ ኮይንና፡ ኣብቲ ቤት-ፍርዲ ምስ በጸሕኩምናትና ወኪል ክረኽበኩምእዩ። ቅድሚንፍርዲ ምቕራብኩምእንተወሓደ ቅድሚሓደ ሰዓት ኣብቲ ቤት-ፍርዲ ክትበጽሑ ይግባእ። እቲ ወኪል ነቲ ጉዳይኩም ብዝበለጸ ንምርዳእ፡ ገለ ሕቶታት ክሓተኩም እዩ። ሓደ-ሓደ እዋን እቶም ሕቶታት ብጣዕሚግላዊ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም፡ ከምኡ'ውን እቶምሕቶታት ብጣዕሚዝርዝራውን ሓበሬታ ብዛዕባ ፍሉይ ነገር ከምገንዘባዊ ትሕዝቶኹምይኹን ከመይ ጌርኩምከምትናበሩ ኽኾኑ ይኽእሉ። እቲ ምኽንያት ናይ ከምዚ ሕቶታት ከኣ፡ እቲ ወኪል እቲ ዳኛን ናይ Home Office ወካልን ዝሓቱዎም ዓይነት ሕቶታት ኣጸቢቑ ስለ ዝፈልጥን ኣብ ይግባይኩምጽቡቕ ናይ ምዕዋት ዕድል ንምፍጣርን እዩ። ከምዚኦምዓይነት ሕቶታት ኣቐዲምካ ምሕታት፡ ንስኹምኣብ ግዜ ፍርዲ ብጽቡቕ ክትዳለዉን፡ እቲ ወኪል ከኣ ኣብጉዳይኩምጽቡቕ ምድላውክግበር ይሕግዝ።

ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት፡ ምስኹምተራኺብና ጉዳይኩምምስ ረአናዮ፡ ምናልባት እንተዘይወከልናኩም ዝበለጸ ኮይኑ ክንረኽቦ ንኽእል ንኸውን። ከምዚ እንተድኣ ኣጋጢሙ ቅድምን ድሕርን እቲ ፍርድኹም ምኽርና ምሃብ ክንቕጽል ኢና።

መጀመርያ ምስቲ ዝውክለኩምምስ ተራኸብኩም፡ እቲ ናይ ዑቕባ ደገፍ ናይ ይግባይ ፕሮጀክት (Asylum Support Appeals Project) ክውክለኩምፍቓደኛታት ከምዝኾንኩምዘረጋግጽ ቅጥዒ ክትፍርሙኢኹም፡ ንክንውክለኩምፍቓድ ክትህቡና **<u>ነዚ ቅጥዒ እዚ እንተ ዘይፈሪምኩም ግን ንሕና እውን ክንውክለኩም ኣይንኽእልን።</u>**

እቲ ቅጥዒ ብተወሳኺ ክልተ ምልክት ዚግበረለን ሳጹናት ኣለዎ። ንሳተን ከኣ፡ ናይ ዑቕባ ደገፍ ናይ ይግባይ ፕሮጀክት (Asylum Support Appeals Project) ንመጻኢ ክራኸበኩም ትደልዩ

እንተኾንኩምን፡ ናይ ዑቕባ ደገፍ ናይ ይግባይ ፕሮጀክት (Asylum Support Appeals Project) ብዛዕባ ኹምሻኣብ Home Office ዚርከብ ጉዳይ ስድራቤትኩምን፡ ብዛዕባ ናይ ዑቕባ ደገፍ ናይ ሕግታት ምምሕያሽን ውሳነ-ምግባርን ንኽሕግዝ ምስ ካልኦት ክካፈል ፍቓደኛታት እንተኮንኩምን ዝሓታ ሰጹናት እየን። ንሕና ክንውክለኩም ኢልኩም ነተን ተወሰኽቲ ሰጹናት ከተሟልክቱወን ግዴታ **__የብልኩምን።__** እዚ ንዓኹምእዩ ዝምልከት። **__ነተን ሰጹናት ዋላ እንተዘይ ኣሟሊኺትኩምለን__** ንዓኹም ሓገዝና ኣይቋርጽን እዩ። ንሙጻኢ ከኣ ናብ referrals@asaproject.org.uk ብምኻድ ፍቓደኛነትኩም ኣብዚኾነ ግዜ ክትኣልዩዎ ትኽእሉ።

**Asylum Support Appeals Project, Studio 11/12, Container City Building,**
**48 Trinity Buoy Wharf, London, E14 OFN**
**tel: 020 3716 0284 | fax: 020 3716 0272 | www.asaproject.org.uk**
**email: referrals@asaproject.org.uk**
**Company registered in England and Wales number 04763838 | Registered charity number 1105625**
**For more information about how we use your data, please read our Privacy Notice: www.asaproject.org/privacy**